# ካብ ስቕ ምባል ደንጉኻ ምጅማር ይሓይሽ

ኩሉ ኤርትራዊ ከም ዝፈልጦ፣ ኣብ ዝሓለፈ ሽውዓተ ዓመታት፣ ኣብ መንጎ ሰለስተ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ፣ ናይ ምትሕንፋጽ መስርሕ ተኻይዱ'ዩ። ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ብዝብል ስያሜ ከኣ ድማ ተጸወዓ። መራሕቲ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ነበር ከኣ ኣብ ልዕሊ ኣቶ መስፍን ዓብዱ ተስፋ ኣምበሩ። ኣቲ ጎዲልዎም ዝነበረ ነገራት ኩሉ ዘማልኡ ኰይኑ ስለ ተሰመዖም: ብተፋ ዓፍትዮም ወጹ። እንተኾነ ግን ብግስ ከይበሉ፡ ብምኽንያት ኣብቲ እዋንቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝሰላሰል ዝነበረ ሃገራዊ ዋዕላ ምስ ሓደ ኣካሎም ተራጸሙ። ከም ሳዕቤኑ ድማ ሓደ ውድብ ካብቲ ስምምዕ ወጸ። ክሳብ እቲ እዋን'ቲ ኣብ መንጎ እቶም ዝተረፉ መራሕቲ ክልተ ሰልፊታት ዝረኤ ፍልልያት ኣይነበሮምን። ብሃንደበትን ብዘሰንብድ ቅልታፈን ድሕሪ ቁሩብ ግዜ፤ መራሕቲ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ነበር ኣብ መንጎኦም ዝነበረ ሕድሕዳው እምነታትን ምክብባሪን ሓሚዱ ተረክበ ። መን ንኣቶ መስፍን ሐጐስ ሓዘ ዝዓይነቱ ውድድር፡ ኣብ ማራቶን ተጸምዱ። ኣቶ መስፍን ሓጎስ ድማ ነቲ ዘጋጠሞ ጽቡቕ ዕድል ብብቕዓት ከማሓድሮ ተራእየ። ኣብ ነብሲ ወከፍ ኣኼባ መስፍን ዝሓዘ ዓዲ ኣተወ ዝዓይነቱ መደረ ልሙድ ኮነ። እዚ ኩሉ ክበሃል ከምዘይ ነበረ ሕጂኸኣ ኣይሰርሕ ኣይመርሕ ንዝሰርሑ ክነቅፍን ከቋናጽብን ዝውዒል ክብሉ ክትሰሚዕ ከለኻ ዘገርም'ዩ። ትማል ኣብዚ ቀረባ ግዜ ውድብ ዘለቕለቕ ኢላ ክትባናጠስ ኣብ ዝደለየቲሉ ሰዓት መስፍን ኣብ ምድሓና ወሳኒ ተራ ከምተጻወተ፡ እዞም ሎሚ ዘናእስዎ ዘለው ሰባት ምስጋናን ኣድናቖቶምን ኣቕርበሙሉ እዮም። እዚ ኩሉ ክባሃል ከምዘይጸንሐ ሎሚ ኣይብላዕ ኣይስላዕ ገይርካ ከተቕርቦ ምፍታን ሰብ ይክዕበኩም ከምዘሎ ፍለጡ ካብ ምባል ሓሊፍካ ካልእ ዝበሃል የለን።

ኣቶ መንግስተኣብ ኣስመሮም ኣቦ መንበር ሰልፊ ደሞክራሲ ኣብቲ ኣቶ መስፍን ኣቕርቡዎ ዘሎ ርእይቶ ኣብ ክንድ ዝዘረብ፡ ኣብ ጸርፊ ብምትኳር ነቲ ቀንዲ ትሕዝቶ ጓስዩዎ ክሓልፍ ፈቲኑ። ነቲ ተገዲዱ ተዛረበሉ እንተኾነ ውን ነቲ ተርኽቦ ዝገልጽ ኣይኰነን። እዚ ይኹን'ቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣዲስ ኣበባ ዝጠፍኤ ገንዘብ **94 ሽሕን** ገለ ኣማእታትን ብርን በተወሳኺ **13 ሽሕ ዶላርን**'ዩ። ኣቶ መንግስተኣብ ኣስመሮም ግን ክሓብኦን ከናእሶን ኢዩ ዝፍትን ዘሎ።እንተ'ቲ **4ሽሕ** ኤሮ'ዩ ኔሩ ዝብሎ ዘሎ እዚ ተወሳኺ ክሲ ዘይተመስረተሉ ዝጠፍአ ገንዘብ ማለት ኢዩ። ኣቶ መስፍን ሐጐስ ሎሚ ነዚ ናይ ገንዘብ ጉዳይ ምልዓሉ ንመራሒ ሰልፊ ደሞኪራሲ ኣቶ መንግስተኣብ ኣስመሮም ብዙሕ ዘሻቀሎ ይመስል። ነብሱ ዝሰሓተ ብዝመስል ኣገባብ ንኽብሪ ክሳብ ትማሊ ይከላኸለሉ ኔይረ ንዝብሎ ዘሎ ባእታ፡ ክግህስን ከቈናጽብን ብዙሕ ፈቲኑ። እዚ ግን ንቅዩም ባህርያቱን ጭኑቅ መንፈሱን ካብ ምቅላዕ ሃሊፉ ካሊእ ኣስተዋጽኦ የብሉን።

ኣቶ መንግስተኣብ ኣስመሮም ሓቂ ብምጥምዛዝ ካብ ኩሉ ሰብ ንላዕሊ ኣብ ሂወቱ ከም ተሳቀየ ኰይኑ እናገለጸ ክነሱ፡ ነቲ ዘዘርብ ዘሎ ተርኽቦ ከም ዘለዎ ናብ ዝምልከቶ ህዝብ ከቅርቦ

ኣይተኸረበን። ስለምንታይ መልሲ ንኣቦ መምበር ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝብ ኤርትራ ይምልከት። ብሓጽሩ ኣነ ኣብዚ ከብርሆ ደልየ  ዘለኹ ነቲ ኣቶ መንግስተኣብ ኣስመሮም ኣቕሪቡዎ ዘሎ ዘይቅኑዕ ሓበሬታን ካብ ኣቶ መስፍን ሓጎስ ዝበሎ ወጻኢ ባዕላዊ ትርጉማትን ትንተናታትን ብምሃብ መሰርሒ ናይ ኢትዮጵያ ዶ! ብኣጀንዳ ኢትዮጵያዶ! ኢዮም ዝምረሑ ኢሉና ይብል። ዘገርም'ዩ፡ ቀጺሉ ድማ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ብኣጀንዳ ኢትዮጵያ ኢየን ዝምረሓ ኢሉወን ዝብልን ንብልሽውናን  ካልእን ብዙሕ ቅንጣምንጥን ጸብጺቡ። ግን ከኣ ካብ ሓቂ ዝራሓቕን ኮይኑ ስለ ዝረኸብኩዎ ብመሰረት ኣባሃህላኡ ካብ ስቕ ምባል ደንጉኻ ምጅማር ይሓይሽ ዝበሎ ተቐብለ ሓደ ብሓደ ክምልሰሉ ክግደድየ።

ኣብ ዘረባይ ክኣቱ ኣቶ መስፍን ናይ ኢትዮጵያ ምኒስትር ወጻኢ ጉዳያት ዓዲሙናሎ ተባህሉና ከብቅዕ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ምስ ከዱ ግን ምስ ውድባት ኤርትራ ክዛተዩ ከዘለዎም ተሓብረ ይብል። እቲ ዝጽበዮ ዝጸንሐን ዝመጾ ሓበሬታን ኣይተሰነየን። ነቐፌታዊ ሓዘል ርእቶኡ ድማ ሰድድኩ ይብል። ኣብዚ ኣብ መንበር ሰልፊ ህዝቢ ግን ብጀካ ጸርፍን ቑጠዔ ኣብቲ መስፍን ዝበሎ ክምልስ ኣይተረኽበን። ዘሕዝን ነገር'ዩ። መሰርሒ ናይ ኢትዮጵያ ከም ዘይኮኑ ክምልስ ከሎ መሳርሒ ናይ ኢትዮጵያ እንተንኸውን ነርና ስምንታይ ደኣ ዕጥቅና ደው ኣብልናዮ ይብል መራሒ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ። ብኣበሃህላ ኣቦ መንበር ሰልፊ ደሞክራሲ እተን ዕጥቀን ዘየውረዳ ውድባት ኤርትራ እየን መሳርሒ ኢትዮጵያ ይብለና'ሎ። ቀጺሉ ምስ በርገሳዊ ማሕበራት እንተተባኣስናስ እንታዩ ረብሓኻ ኣቶ መስፍን?.. ዝብል ዘሎ ይመስል። እንተኾነ ግን ኣጥብቕ ኣቢሉ፡ ንመድረኽ ኣይረብሑን ኢልካዮም ይብል። እቲ ብሓንሳብ ኮንኩም ዝሓመኹምዎም። ጽቡቕ ዘለኻ ኣይትመስልን ኣቦ መንበር ኣይፋልካን።

ብዛዕባ'ቲ ዝጠፍኣ ገንዘብ ኣመልኪቱ ክዛረብ ከሎ ካብ ሓደ ሰብ ዝጠፍአ ነገር ከመይ ገርካ ሰልፊ ብብልሽውና ይኸሰስ!፡ ሰልፊና ንብልሽውና ዝዋጋእ ደሞክራስዊን ሕጋዊን ሰልፊ'ዩ ይብል። እዚ ሰልፊ ብልሽው እንተደኣ ኮይኑ መንደኣ ጡዑይ ክርከብ'ዩ ፡ ብምባል ይደጋግሞ። ብዓብዩ ቀስ ኢለ ክመጸካየ፡ ግን እታ ሓንቲ መዓልቲ ካብተን ሓሙሽተ ማዓልታት ካልኣይ ጉባኤኹም ዝወሰደትልኩም ቴማ ናይ ሓደ ሰብ ተጣባቒ ሰብኣዊ መሰልን ስደተኛታትን ኣባል ናይ ወጻኢ ዓንኬል ሰልፊ ከመይ ገርካ ትርስዖ !!።ንምኻኑ ሰልፍኻ ንብልሽውና ዝዋጋእ ደሞክራሳዊን ሕጋዊን ሰልፊ እንተደኣ ኮይኑ ስለምንታይ ብቤት ፍርድ መንግስቲ ኢትዮጵያ ናጻ ዝተባሂለ ባእታ ካልአይ ግዜ ብሽማግለ መርመራ ተኻይዱሉ። እዚ ኩሉ ምስ ፈሸለካ ድማ ስልጣንካ ተጠቒምካ ካብ ውድብ ሰጒግካዮ። ኣቲ ዘሕዝን፡ በቲ ክልተ ግዜ ተኸሲሱ ናጻ ዝተበየነሉ ናይ ስርቂ ውሳኔ ተባርሩ። ኣቦ መንበር ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ  ነዚ ብልሽው ውሳኔኡ ከቃናጁ ከሎ ካሚሻ ሓደ ብጻዩ ኣልዕሉ ነይሩን ካልእን ኣብቲ ቪድዮ ስለዘሎ ሰብ ደጊሙ ይስማዓዮ ይብል። እቲ ዘገርም ሓሶት ኣቦ መንበር ሰልፊ ደሞክራሲ ድሕሪ ገንዘብ ምጥፋኡ

ክሱስ ንዓሰርተ ሓሙሽተ ማዓልታት ብዘይ ኣፍልጦ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ተሰውሩ ከምዝነበረ ገይሩ የቕርቦ። ኣዚ ግን ሓሶትዩ። ቅድሚ እቲ ገንዘብ ምጥፋኡ እዚ ዝብሎ ዘሎ ኩነት ሓቂ ተረኺቡ ኢዩ። ኣቦ መንበር ሰልፊ ደሞክራሲ ኣብ ክንድ ኣብቲ ብኣቶ መስፍን ሓጎስ ዝቐረበ ጉዳያት ኣልዒሉ ሓቂ ሓሰትን ብምባል ክዛረብን ከብርህን ዝፍትን መሪሕነት ሰልፊ ብፍላይ እቶም ምሉእ ግዜኦም ንቃልሲ ዘወፈዩ ረብሓ የብሎምን፤ ሰልፊ ደሞክራሲ መሳለል ታሓታትነት ኣሎዎ። ካብ ኣቦ መንበር ክሳብ ጉባኤ ከርእየና ይፍትን። ካልኣይ ጉባኤ ባይቶ ብኣቦ መንበራት ውድባት ክዳሎ ውሳኔ ተበጽሑ ኔይሩ እንተኾነ ግን ወዲ ሕንግድን ክፍለሃንስን ጉባኤ ባይቶ ዋናታት ኣለውዎ ክብሉ ተቓውሞ ስለ ዘስምዑ እቲ ዘተ ኣይቀጸለን ይብል። እቲ ዘተ ምስ መራሕቲ ውድባት ምንባሩ ባዕሉ ኣቦ መንበር ሰልፊ ደሞክራሲ ገልጹዎ'ሎ። ኣብዚ ዘይበርሀ ነገር ኣሎ፡ ብጀካ እዞም ክልተ ሰባት እቶም ካልኦት ኣቦ መንበራት ውድባት ነቲ ብህዝብን ብውድባትን ዝቖመ ናጻ ትካል ተባሂሉ ዝፍለጥ ባይቶ ከመይ ገርኩም ኣብዘይ ህልውና ሕጋዊ ወኪል ባይቶ ማለት ኣቦ መንበር ባይቶ ወይ ከኣ ውክልና ዝወሰደ ኣካል ናይ ባይቶ መጻኢ ዕድላት ምስ ካልኦት ኮንኩም ክትውስኑ ፈቲንኩም። ኣገባብ ኣሰራርሓ እትፈልጡን ነዚ ዘሎናዮ ተሃዋሲ መድረኽ ፍታሕ ንምንዳይ ዝተኣከብኩም ላዕለዎት መራሕትን ይትረፍ፡ ዝኾነ ንዓቅሚ ኣዳም ዝኣኸለን ዳሓን ኣእምሮኡ ዘሎዎን ኣብ ከምዚ ዓይነት ስራሓት ኣይርከብን'ዩ። ገለ ከምዞም ዝበልካዮም ለባማት ሰባት እዚስ የኽፍኣ እዩ ስልጣና ኣይኮነን ምስ በልኹም ከኣ ተጋግኹም ምንባርኩም ፈሊጥኩም ደኣ ምሓፈርኩም እምበር፡ ነዚ ጌጋ'ዚ ከይንፍጽም እዞም ኣስማቶም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ባእታታት ዕንቅፋት ኮይኖሙና ኢልካ ናብ ህዝቢ ከተቅርቦስ ብፈኩስ ቃል ጥበብን ሞራልን ዝጎደሎ ጸወታ'ዩ ኔይሩ ።

ኣቦ መንበር ሰልፊ ደሞክራሲ ዘረባኡ ብምቕጻል ድሕረ ባይታ ናይቲ ካብ ሰልፊ ዝተባረረ ሰብ ክረኤ ከሎ ክሳብ ሕጂ ኣብ ሰልፊ ክጸንሕ ኣይነበሮን ይብል። እዚ ኣበሃህላ'ዚ ዋላኳ ዓው ኢሉ ኣይበሎ'ምበር፡ ካብ ቅድሙ ናይ ምጥፍፋእ ኣመል ከምዝነበሮ ይሕብረናሎ። እቲ ሓቂ ግን እቲ ዝተሰገ ባእታ እዚ ኣመል ይንበሮ ኣይንበሮ ኣብቲ ብ2012 ኣብ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣተራእየ ፖለቲካዊ ጸገም ንዘይዕቱብ ኣታሓሕዛ ጉዳያት መሪሕነት ኣመልክቱ ኣብ ቦኽሪ ኣኼባ ኣቦ መንበር ነቐፌታ ስለ ዘቕረበ'ዩ። እቲ ኣኼባ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣዲስ ኣበባ'ዩ ነይሩ። ኩሎም ኣብቲ ቤት ጽሕፈት ዝነበሩ ብጀካ ሓደሰብ ከኣ ንመርገጻትን ኣፈታትሓ ግርጭትን መሪሕነት ሰልፊ ነቐፈታኦም ኣቕሪቦም። ከም ሳዕቤኑ ክልተ ሰባት ሽዑ ናብ ሱዳን ተቐይርኩም ብዝብል ንሱዳን ከምዝኸዱ ተገይሩ። ኣብ ሱዳን ምስ በጸሑ ኣይንፈልጠኩምን ተባሂሎም። ሎሚ ድማ ተራ **ረዳእ ዘርኡ** በጽሑ ተራ **ደበሳይ በየነ** ኸ ማኣስ ኮን ይኸውን!! ።

ናብ ቀንዲ  ትሕዝቶይ ክምለስ እንተደኣ እዚ መዛረቢ ዛዕባ ኮይኑ ዘሎ ባእታ ብፖሊስ ተቐጥቂጡ ኣብ ቤት ፍርድ ቀሪቡ ናጻ ተባህሉ። ኣጻራዪት ሽማግለ ቆይማትሉ ተሓቲቱ ሰረቘ ከብሎ ዘኽእል ምልክት የብሉን ክትብል  ጸብጻባ ሂባ። ድሕሪ'ዚ ኩሉ ኣብ ድሕረ ባይታ ኣብ ቲሕቲ ዝብል መግለጺ ካብ ሰልፊ ክስጎግ ኮይኑ ።

ኣቶ መንግስተኣብ ኣቦ መንበር ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ እውን ብናይ **$ 30.000 ዶላር** ብልሽውና ትኽሰስ ኢኻ። ምናልባት ንሰማዒ መታን ግር ከይብሎ ብ1999 ኣብ ኣመሪካ ዝነበረ ካብ ኣባላት እተዋጸአ ገንዘብ  ብኣቦ መንበርነት ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ ብምክትልነት ኣቶ መንግስተኣብ ኣስመሮም ብሃዳስነት ኣቶ ኣማኑኤል ሃብተን ኣብ ዘይመውዓሊኡ ዝወዓለ ገንዘብ ኣሎ። ስለዚ ብመሰረት ድሕረ ባይታኻ ክሳብ ሕጂ ክትጸንሕ ኣይነበረካዶ ትብል !!?። ናይ'ቲ እዋን ተቖጻጻሪ ዝነበረ ኣቶ **ንጉሰ ጸጋይ** ከኣ እናረኣየ ዓይኑ ዓሚቱ ሓሊፉዎ ስለምንታይ?? ንዕኡ እገድፎ !!!።

 ንኣቶ መንግስተኣብ ኣቦ መንበር ሰልፊ  ሕቶ'ሎኒ ። ኣብቲ  እዋንቲ ዝምድናታትን ተሓታትነትን ሓለፍቲ ስራሓትን ኣባላትን ዝገልጽ መሳለል ኣይነረኩምንድ'ዩ !!?። ወይስ ንመሪሕነትን ንላዕለዎት ካድራትን ኣይምልከቶምን'ዩ !!?።

ብ ኣማኑኤል ካሕሳይ